The America Team for Hope, Education, Opportunity, Dignity — Displaced Eritreans
www.FreeEritrea.org

11-03-2010

# 80 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ፤ ናብ ሳልሳይ ሃገር ይሰጋገሩ!!
# 29 ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ብሰላም ኣትዮም!!

ብመስርሕ ጉሩፕ ሪሰትልመንት 66 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ኣሜሪካ ክሰጋገሩ ከለዉ፡ 14 ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ናብ ነርወይ ተሰጋጊሮም፡፡ ካብ ዕለት 09-03-2010 ክሳብ ዕለት 11-03-2010



ዘሎ ግዜ 80 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምተሰጋገሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ፡፡



# ናብ ሳልሳይ ሃገር ካብ ዝተሰጋገሩ ኣሕዋት ብኽፉል





ከምኡ’ውን 29 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ብሰላም ናብ ኢትዮጵያ ትማሊ ዕለት 10-03-2010 ኣትዮም፡፡ ካብኣቶም 5ተ ደቂ-ኣንስትዮ ይርከብኦም፡፡ እዞም ብሓልዮትን ምትሕብባርን መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ 6-18 ኣዋርሕ ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ብኣሰቃቒ ስቅያት ክሳቐዩ ምጽንሖም’ውን ካብ ቃላቶም ክፍለጥ እንክሎ፡ ንኩነታት ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ መብርሂ ክህብሉ ከለዉ ግን ንብዓት’ዩ ዝስዕሮም፡፡

ብዘይካዚ ብሰንኪ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ግብጻውያን ሓደ ኤርትራዊ ስደተኛ ኩነታት ጥዕንኡ ኣብ ሕማቕ ከምዝርከብ ዘሕዝን ዜና’ዩ፡፡ ብምትሕብባር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ኣብ ሆስፒታል ተዓቍቡ ይርከብ፡፡

እዞም ካብ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዲፖርቲ ዝኾኑ፣ ኣብ ዝኣተውሉ ግዜ'ውን ቤት/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ከም ናይ ወትሩ ሰናይ ግብርታቱ፣ ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ሓገዝ ድሕሪ ምሃብ፣ ናብቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝዓርፍሉ ግዝያዊ መዕቆቢ ኣፋንይዎም፡፡

ብተውሳኺ ክሳብ ሎሚ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት







ቁጽሮም 1114 በጺሑ ይርከብ፡፡